## SMITTESTOPP እንታይ እዩ፧

Smittestopp ብ ፎልከሀልሰኢንስቲቱት/Folkehelseinstituttet (FHI) (ሃገራዊ ትካል ምክትታል ህዝባዊ ጥዕና) ዝተዳለወ ኣፕ እዩ። እዚ ድማ ኮሮና ቫይረስ ኣብ ሕብረተሰብ ከይዝርጋሕ ንምክልኻል ዝሕግዘና እዩ። ነዚ ኣፕ'ዚ ክትጥቀመሉን ከይትጥቀመሉን ንስኻ ባዕልኻ ኢኻ ትውስን።

እንተድኣ ንስኻ መርመራ ጌርካ'ሞ ውጽኢት እቲ መርመራ ድማ ኮሮና ቫይረስ ከምዘለካ ተረጋጊጹ፡ ብመንገዲ'ዚ ኣፕ'ዚ ጌርካ ንኻልኦት ክትሕብሮም ትኽእል ኢኻ። ሽዑ ንሶም ንለበዳ ሕማም ተቓሊዖም ከምዝነበሩ ክፈልጡ ይኽእሉን እንታይ ክገብሩ ከምዘለዎም ድማ ምኽሪ ይረኽቡን። በዚ መንገዲ'ዚ ድማ እቲ ኣፕ ካልኦት ብዙሓት ከይሓሙ ኣብ ምክልኻል ክሕግዘና ይኽእል። እዚ ኣፕ'ዚ ግና ንስኻ በቲ ሕማም ተለቢድካ ከምዘለኻ ሓበሬታ ኣይህብን እዩ።

## ብኸመይ መንገዲ እየ Smittestopp ኣፕ ኣብ ቴሌፎነይ ክገብሮ ዝኽእል፧

- ነቲ ኣፕ ካብ ኣፕስቶር (App Store) ወይ ጉግልፕለይ (Google Play) ኣውርዶ።
- ኣብ መስኮት ናይ ቴሌፎንካ ዝመጸካ ሓበሬታ ናይቲ ኣፕ ተኸተሎ።
- እንተድኣ እቲ ቋንቋ ዘይተረዲኡካ ንኻልኦት እቲ ጽሑፍ ከርድኡኻ ሓገዝ ሕተት።

## Smittestopp ኣፕ ብኸመይ መንገዲ እዩ ዝሰርሕ፧

ኣብ ጥቓ ካልእ ሰብ እዚ ኣፕ'ዚ ኣብ ቴሌፎኑ ዘለዎ ሰብ ክትህሉ ከለኻ፡ እተን ቴሌፎናት ነንሕድሕደን ምልክታት ይሰደዳ።

እተድኣ ሓደ ካልእ ሰብ መርመራ ጌሩ'ሞ ብኮሮና ቫይረስ ከምዝተለኸፈ ተረጋጊጹ፡ እቲ ኣፕ ቴሌፎንካ ኣብ ጥቓ ናይቲ ዝተለኸፈ ሰብ ቴሌፎን ከምዝነበረት ይዝክሮ። ሽዑ ንስኻ ኣብቲ ኣፕ እንታይ ክትገብር ከምዘሎካ ሓበሬታ ይመጸካ። እንተደሊኻ ንስኻ በቲ ሕማም ተለኺፍካ ከመዘለኻ ባዕልኻ ንኻልኦት ክትሕብሮም ክትውስን ትኽእል ኢኻ።

እንተድኣ ንስኻ በቲ ኣፕ ሓበሬታ መጺኡካ፡ ንስኻ ንሕማም ተቓሊዕካ ከምዝነበርካ ጥራሕ መልእኽቲ ዝመጸካ እምበር መን ከምዝሓመመን ኣበይን ቦታን ዝብል ሓበሬታ ኣይመጸካን እዩ። ሰብ መዚ መንግስቲ ይኹኑ ውልቀ ሰባት ንስኻትኩም መን ምዃንኩም ይኹን ኣበይ ከምዝነበርኩም ኣይክፈልጡን እዮም።

## ብሕታዊ ምስጢራውነት ምሕላው

- ነዚ Smittestopp ኣፕ ክትጥቀም እንተኼንካ ልዕሊ 16 ዓመት ክትከውን ኣሎካ።
- ብዛዕባኻ ዘሎ ሓብሬታታት ባዕሉ ድሕሪ 14 ክድምሰስ እዩ፡ ንስኻ ዋላሓንቲ ነገር ክትገብር ኣየድልየካን እዩ።
- ብዛዕባኻ ኣብቲ ኣፕ ዘሎ ሓበሬታታት ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ክትድምስሶ ትኽእል ኢኻ።
- ነዚ ኣፕ ኣብ ዝደለኻዮ እዋን ካብ ተሌፎንካ ክትድምሶስ ትኽእል ኢኻ።

## ሓቢርና መዓልታዊ ሂወትና ናብ ንቡር ንምለሶ

FHI
Folkehelseinstituttet

helsenorge.no/smittestopp

Smittestopp